**ሓዳስ ኤርትራ** 29 **ሚያዝያ** - 1 **ግንቦት** 2009

# ሚዛን ወርቂ

5ይን 6ይ ክፋል

ተስፋኣለም ገ/ስላሰ (ጫረ)

ህዝባዊ ግንባር፣ መልሲ ናይ ኩሎም ሕቶታትን መፍትሒ ናይ ኩሎም ግድላትን ግዜን ዓቕልን ምዃኑ ኢዩ ዝኣምን። ክሓስብን ክሕንጽጽን ክሰርሕን ክተግብርን ብምስትውዓል እዩ ዝምራሕ። ብስምዒት ኣብ ዝተኣጉደ ሃልሃልታ ኣይቀርብን እዩ። ንጉዳያት ብግቡእ ኣጽኒዑ፣ ኣንፈቶም ኣንቢቡ፣ ንምዕባሌታቶም፤ ኣብ ጭቡጥ ባይታ ብምምርማርን መዓልቦኦም ብምፍላጥን እዩ ከይተሃወኸ ዝሰርሕ- ባህሩ ኢዩ። ኣብ ጉዕዞኡ፣ ንነገራት ብኹሉ ኩርንዓት ከይጠመተን ከይመዘነን… ዝሓስቦን ዝሰርሖን የብሉን። ወያነ፣ ነቲ ቃልሲ ኣንጻር ዓመጽ ዝመሃሮ ህዝባዊ ግንባር፣ 'ናይ ብርጂዋ ውድብ'ዩ' ክብሎ ክሎ፤ ወያነ፣ ነቲ ብረታዊ ቃልስን ወተሃደራዊ ስልትን ዓይኑ ዘንቋሓሉ ህዝባዊ ግንባር፣ *'ወተሃደራዊ ሜላ ዘይፈልጥ ውዳብ* ክብሎ ክሎ፤ ወያነ፣ ነቲ ሓሳብን ሓይሊ ሓሳብን ዝማሃሮ ህ.ግ. *ደንበርበር ዝብል ግንባር* ክብሎ ክሎ፣ ህ.ግ፣ ብውሽጢ ልቡ ፍሽኽ ኢሉ'ዩ ሓሊፍዎ። ንፈኲስቲ ዕሽሽ ኢልካ፣ ብውሽጢ ልብኻ ስሒቕካን ኀሲኻ ምሕላፍን ናይ ህ.ግ ባህሪ'ዩ-- ርዝነቱ ዝፈጠሮ ባህሪ።

እዚ ክቡር ባህሪ እዚ፣ ርእሰ ተኣማንነት ከጥሪን ሃዲኡ ክሰርሕን ኣኽእሊዎ እዩ። እቲ ምዙን ሓሳባቱ ንደሞክራሲያውያን ውድባት ኣብ ኢትዮጵያ'ውን፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ጉዕዞኦም ከስርሖም ደራኺ ሓይሊ ነይርዎ። ነዚ ሓቂ ዝምስክር፣ ንዓቕምን ብቕዓትን፣ ኣበርክቶን ደገፍን ህዝባዊ ግንባር ንወያነ ዝገልጽ፣ ብዙሕ ሰነዳት ኣሎ። ካብቲ ብዙሕ ውሑድ፣ ምጥቃስ ኣገዳሲ ኢዩ።

ሓደ ካብ መራሕቲ ህወሓት ዝነበረ፣ ነፍስሄር ሜጀር ጀነራል ሓየሎም ኣርኣያ ብዛዕባ ደገፍ ህዝባዊ ግንባር ንውዱቦም ኣመልኪቱ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፣

> *"ሕጽረት ነይሩ ፍልጠት ኣይነበረን። ዓቕሚ'ውን ኣይነበረን። ንባዕሉ ነቲ ፈንጂ ንምትኳስ ድማ ተኽእሎ ዓቕሚ'ውን ኣይነበረን። ብዙሕ ሕጸረታት ነይሩና። ሕጸረትታና ንምምላእ በብግዜኡ ንኮርሳት ናብ ህዝባዊ ግንባር ንስልጠና ንኸይድ። ኣብ ዓራግ ኣብ ናቕፋ፣ ኣብ ከባቢ ሰሜናዊ ሳሕል ተማሂሮም ዝምለሱ ነይሮም። ግን እቲ ዝተማህረ ሰብ፣ ነቲ ንደልዮ ዘለና ብቕዓት ዝበቅዕ ኣይነበረን። ክበቅዕ ስለ ዘይከኣለ፣ ናይ ግድን ኢና ደገፍ ህዝባዊ ግንባር ክንደልይ።"*



ነፍስሄር - ሓየሎም ኣርኣያ

**ክብል ሓቀኛ ተመክሮኦም ገሊጹ ነይሩ። ብተመሳሳሊ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ስምረት ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ ዝገብሮ ዝነበረ ኣበርክቶ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ስዩም መስፍን'ውን ከምዚ ክብል ገሊጹ ነይሩ፣-**

> ***"ደርግ እየፈረሰ ነው። ኦኬ ግን የሽግግር መንግስት የምትመሰርቱት ኢህኣደግ መሆን ኣለበት። የሚል ኣቋም ነበረው ሻዕብያ።"***



***ስዩም መስፍን***

***ስዩም መስፍን***

**ደገፍ ህዝባዊ ግንባር፣ ንደሞክራሲያውያን ውድባት ኣብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ንህወሓት ከኣ ብፍላይ፣ ልዕሊ እቲ ዝጭበጥ ነገራዊ ትሕዝቶ፣ ኣብቲ ንጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ዘስርሕ ሓሳባት እዩ ዘቐድም ነይሩ። ሓደ ካብቲ ንወያነ ደጋጊሙ ዝሃቦም ምኽሪ፤ ስምረት'ዩ -ሓድነት ምስ ደሞክራስያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ። ምኽንያቱ፣ ወያነ፣ ቃልሲ ክጅምሩ ከለዉ፣ ናይ መወዳእታ ዕላማን ጉዕዞ ቃልሶምን ይፈልጡ ኣይነበሩን። ንትግራይ ሓራ ኣውጺእካ ብድሕሪኡ ናበይ ትኸይድ ወይ'ውን ብምንታይ ዛዛሚ ዓወትካ ተረጋግጽ ዘይመለሱዎ ሕቶ እዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር፣ ንወያነ፣ ናብ ዕጽውን ዘየቐጽልን ጉደና ቃልሲ ከይኣትው፤ ኣብ መደምደምታ ኣልቦ ውግእ ከይነብሩ፣ ብተደጋጋሚ ኣርሒቖም ክሓስቡ ደሪኾምም እዩ። ሕብረት ምስ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝርከባ ደሞክራሲያውያን ሓይልታት መስሪቶም፣ ነቲ ዝነበረ ስርዓት ኣልዮም፣ ሓድሽ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክተኽሉ ከም ዝግባእ ኣማእዚንዎም። ወያነ ግን ማንታ ልቢ'ዮም ኣብቀኑሎም** u4773 **.ምበር፣ ከምቲ ንህ.ግ "እሺ ሕራይ ዝሓሸ ዝበልኩሞ ንገብር" ዝበልዎ ቀልጢፎም ኣይገበሩን። ምኽንያቱ፣ እቲ ንቕጽ ዝበለን ጸቢብን ኣተሓሳባኦም ምዕይ ከብሎም ኣይክኣለን። ህዝባዊ ግንባር ግን ከይተሓለለ ሰሪሑ። ብዘይካ እዚ፣ ንዝነበሮም ጸገም ናይ ወተሃደራዊ ውዳበታት ንምፍታሕ ብዙሕ እዩ ሓጊዝዎም። ከምቲ ህግ ዝበሎም እሞ ዝሰርሑሉ፣ ዘገልጸልና ደብዳቤ'ውን ክንርኢ ንኽእል።**

> ***ናብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ኣቐዲምና ምዉቕ ወያናይ ሰላምታና ነቕርብ። ቀጺልና፣ እቲ ዝሃብኩምና ሓበሬታ ኣብ ኣወዳድባና ክንሰርዕ ሓጊዙና እዩ። ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ቅርጽን ዝተመርጹን ኣባላት ማእከላይ ኮሚተን ንገልጸልኩም። ኣካላት ማእከላይ ኮሚተ፣ ኣብ ወተሃደራዊ ኮሚተ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ኮሚተ፣ ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኮሚተ፣ ተመቒሎም ክሰርሑ ኢዮም። ውድቀት ፋሽሽታዊ ደርግን ዓወት ቅኑዕ ቃልስታትን ታሪኻዊ ግድነት'ዩ።***

***ብጻይ ግደይ ዘርኣጽዮን***

***ም/ኣቦ ወንበር***

*15 ወርሒ 9, 1971 (ብግእዝ)*

**ህዝባዊ ግንባር፣ ሓንቲ ካብተን ኣብ ልቢ ኩሉ ተጋዳላዩ ዝሰረታ "ጌረ- ሓጊዘ፣ ሰሪሐ" ዘይምባል ኢያ። ኣንነት ካብ ብዕምቈት ዝተቐብራ ባህርያት ኣብ ህዝባዊ ግንባር ኢያ። ሞሳ ናይ ዝወዓልካዮን ዝገበርካዮን ምጽባይ'ውን ፍንፉን ኢዩ። ዝኾነ ተጋዳላይ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዝመጹ ኣሕዋት ሕልፊኡ ከም ዝሰርሑን ዘበርክቱን ኢዩ ዝኣምን። እዚ መርኣ ከኣ ዝቕየር ኣይነበረን። ወያነ ንዝተዋህቦ ሓገዝ ብእንቀዓ እናመጕሰ " ኣያ! ህዝባዊ ወርቂ**

ሰዓቱ” ክደርፈሉ ከሎ፣ ህዝባዊ ግንባር፣ ሓጻር'ያ ነይራ መልሱ። ናይ ቃልስን ኪዳንን ሕጋውን ሞራላውን ግዴታና'ዩ። ምኽንያቱ፣ ህዝባዊ ግንባር፣ ይትረፍ ብናይ ወያነ ካብ ፋዱስ ክሳብ ድሕሪ ፋዱስ ዝቐየር ሞጒሳታት፣ ብናእዳ ናይ ዓበይቲ ሓይልታት መጻወድያ'ውን ተደናጊሩ ኣይፈልጥን- እቲ ሚዛን ወርቂ!

ህዝባዊ ግንባር በቲ ዘርዚርካ ዘይውዳእ ደገፉ እናሃበ፣ ወትሩ'ውን ካብ ብዝሒ ኣብ ዓይነት፣ ካብ ኣጽዋር ኣብ ሰብ ክሓስቡን ክሰርሑን በቲ ዝግባእ ኣረዲእዎምን ምዒድዎምን እዩ። ምኽንያቱ፣ እቲ ብተደጋጋሚ ዝሕንጽጾ እሞ ዝድምስስዎ፣ ዝተኸልዎ እሞ ዝነቕልዎ ዝነበሩ ሓሳባት፣ ንመገዶም ሃሳዪ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሓሳብ፣ ምስ ደሞክራሲያውያን ውድባት ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ንሓድሕዶም'ውን ከረዳድኦም ይኽእል ኣይነበረን። ምኽንያቱ፣ ወያነ ክጠሚ ዝኹርመ፣ ክጸግብ ዝራጋሕ ባህሪ ስለ ዝነበሮ። ምስ ምውሳኽ ብዝሒ ዓቕሞም ዝውስኾ ዝነበረ ጠለቦም ብእኡ መጠን ኢዩ ዓብዩ። ካብ ጠያይት፣ ቦምባ ክሳብ ዝዓበየ መካናይዝድ ኣጽዋር ኢዩ ኣዕጢቑዎምን፣ ነቲ ዘይመለኹዎ ድማ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ክሳብ ናይ መወዳእታ ጉዕዞ ኣብጺሕዎምን። ህዝባዊ ግንባር ግን ነቲ ሓጊዙ፣ ከይረብረበ ሂቡ ዘይዛረበሉ ደገፍ፣ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ'ውን፣ ንጥዑይ ዝምድና ክልቲኡ ህዝቢታትን መንግስታትን ብዝሓየለ መልክዕ ከም ዝቕጽሎ እዩ ኣረጋጊጹ። ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተቓንዐ፣ ፈላሚ ኮንፈረንስ ኢህወደግ 1991፣ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ንታሪኽ ኤርትራን ቃልሳን ድሕሪ ምብራህ፣ ነዚ ዝስዕብ ቃል ኢዩ ንተጋባእቲ እቲ ኮንፈረንስ ኣረጋጊጽሎም።

> *“ናይ ዓሰብ ወደብ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ቁጠባ ኢትዮጵያን ኣገልግሎት ክፉት ንምግባር፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ቁጠባ ሜዳታት ብሓባር ክንሰርሕን ክንተሓጋገዝን ኣድላዪ ምኳኑ ብምርድዳእ፤ ድሕሪ እዚ፣ መሪር ቃልሲ፣ መስዋእቲ ዝተረኽበ ናይ ክልቲኡ ህዝቢታት ዓወት፣ ብዝተፈላለየ መገዲታት ንምድኻሙ፣ ብደገውን፣ ተተደልዩ ንምውቅዑ ዝብገሱ ክህልው ስለ ዝኽእሉ፤ ንናይ ክልቲኡ ህዝቢታት መኸሰባት ንምዕቃብ፣ ኣድላዪነቱ ርዱእ ስለ ዝኾነ፣ ብዘይካዚኣቶም፣ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝጸንሐ መሪር ናይ ጽልኢ ታሪኽ ንምፍዋስን ንምልስላስን፣ ናይ ሓባር ስራሕ ስለ ዝሓትት፤ ብወገንና፣ ቅድሚ ሕጂ ከነቕርቦም ዝጸንሕና ሓሳባት ናብዚ ኮንፈረንስ ተዘርዚሩ ብወረቐት ቀሪቡ ኣሎ። ኣብዚ ደጋጊመ ከረጋግጾ ዝደሊ፣ መንፈስና ንብድሕሪ ሕጂ ዝመጽእ፣ ንመጻኢ ዝምድናታትና ከመይ ጌርና ከነመዓራሪ ንኽእል ናብ ዝብል ጠመተ ምኳኑ፣ ነዚ ክልቲኡ መንግስታት ይኹን ህዝቢታት ምሕዝነት ይኹን ምርድዳእን ዝድለ ጻዕሪ ክንገብር ምኳና እናረጋገጽኩ…”*

እዚ፣ ነቲ በብእዋኑ ኣብ ኣተሓሳስባኦም ዝኹስኰስ ዝነበረ ሓሳባት ኣውራ ንናይ ሓባር ስራሕ፣ ብናህሪ ዝደፍእ ሓይሊ ነይሩዎ። ( ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ምስክርነት ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣቶ ኣውዓሎም ወልዱ፣ ጉንዖ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ወደባት ኤርትራ ብኸፊል ኣቕሪብና ኔርና) ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብዚ ክልተ ህዝቢታትን ሃገራትን ጥራይ ከይተሓጽረ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ውግእን ወረ ውግእ ተናጊፉ፣ ኣብ ጐደና ሰላም፣ ናይ ሓባር ልምዓት ክሰርሕ'ውን ድሕሪ ናጽነት ኣንጊሁ ዝተዓጥቀሉ ጉዳይ ኢዩ። ሓደ ካብቲ ብዙሕ፣ ውድብ ኢጋድ፣ ንምሕያልን ንምብርባርን ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝደፍኣሉ ዞባዊ ዕማማት እዩ።

ዕላማ ናይቲ ውድብ (ኢጋድ) ብ1986 ክምስረት ከሎ፣ ብቐንዱ ኣብ ናይ ድርቂ ምክልኻል'ዩ ዝዓለመ ነይሩ። ንሱ ከኣ ኣዝዩ ጸቢብ ዕላማ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ምስ ተጸንበሮ ግን ካብ ቑጠባዊ ምትሕግጋዝ ንፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት፣ ንሰብኣዊ ጉዳያት እንተላይ ከባብያዊ ጉዳያት፣ 4 ዓበይቲ ኣርእስትታት ኣጠቓሊሉ፤ ሓድሽን ዝሰጐመን ቻርተር ሓንጺጹ። እቲ ሓድሽ ቻርተር ምስቲ ናይ ቀደም ዝነበረ ዕላማታት ክነጻጸር ከሎ ብመነጻጸሪ ባይታ መዳርግቲ ኣይተረኽቦን። ካብ ጸቢብ ጠመተ ናብ ገዚፍን ሰፊሕን ግንዛበታት ክርእይ ክኢሉ ኢዩ። ኣብዚ ዞባ፣ ህ.ግ፣ ንፖለቲካዊ ቁጠባዊ ውህደት ጥራይ ኣይኮነን ሰሪሑ። እቲ ኣፍሪቃ ብሕሱም ዝሰኣኖቶ ክብረት ክህልዎ'ውን ኣበርቲዑ ጽዒሩ። ክብረት ኣፍሪቃን ኣፍሪቃውያንን ዘዋርድ ስራሕ ብምንቃፍን ብምምእዛንን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፣ ንክብረት ኣፍሪቃ ዝነበሮ ራእይ ዘነጽር'ዩ።

ህዝባዊ ግንባር፣ ኣበጊሰን ሰሪሐን ከይበለ፣ ኣብ ዞባዊ ምድግጋፍ ብዕቱብ ክደፍእን ብሕልፊ ከኣ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ዘርብሕ ሓሳብ ገደብ ብዘይብሉ ጻዕሪ ካብ ምፍስሳን ምስራሕን ዓዲ ኣይወዓለን። እንተኾነ ወያነ፣ ተወሺጡ ቀራና መገዲ ክኽተልን ብማንታ ረብሓ ክጉዓዝን ጸኒሑ -ሓደጋ ክወድቐ ተራእዩ። ህዝባዊ ግንባር ግን፣ ብረዚን ዓቕሊ እናተኽታተለ መፍትሒ ናይ ሽግራት ኣብ ምዳህሰስ ጥራይ እዩ ሰሪሑ። ንጉዳያት ልዕሊ ቁመቱ ናይ ምብራኽ ባህሊ ኣይጸንሖን። “ዘይሰምዐ ይስማዕ” ዝብል ምንፋሕ መለኸት ኣይለመደን ። ነቲ እናሓደረ ነገር ዝጽሕትር ዝነበረ ወያኔ ንምእላዩ ብርግኣት ክሰርሕ መሪጹ።

ወያኔ ግን፣ ብቕሉዕ መመሳመሲ ዝርከቦ ምትኹታኽ ሰጊሮም፣ ብልሃት ብዝሓሰቡዎ ሜላታት'ውን ናይቲ ዘይርጉእን ነቲ ጒሪሕናሉ ዝብልዎ ምስጢሮም፣ በጨቕ ኬብልዎ ተራእዮም። እዚ ካብ ነብሰ ምትሓት ዝብገስ ናይ ዘይለባማት ሜላ፣ ዝኸደን ምስጢር ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ገለ ካብቲ ወያነ ብውሽጢ ውሽጢ ዘካይድዎ ዝነበሩ ውዲታት ምጥቃስ ነቲ ሓቂ ከብርሃልና ይኽእል። እታ ብቛንቋ ትግርኛ ጥራይ እትሕተም ናይ ኢትዮጵያ መጽሔት ኣሰር፣ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ "ምስዚ ናይ ንግዲ ዘይምስናይ ፖሊሲታት ተኣሳሲሩ፣ ኢህወደግ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝጸንሐ ቁዋማት ከም ዘለዎ ጸኒዑ ኣሎ ዶ ክትብሉ ትኽእሉ?" ዝብል ሕቶ ምስ ካልእ ናይ ቁጠባ ኣርእስቲታት ደባሊቻ ኣቕሪባትሉ ነይራ።

> *"ኣብ ምንታይ እዩ እቲ ምጥርጣር? ንሕና ብሓደ ክንነብር ኢና ተፈጢርና። ሓደ ይፍተዎ ኣይፍተዎ። ነዚ ጂኦግራፊያዊ ምጥብባቕ ፋሕፋሕ ከነብሎ ኣይንኽእልን ኢና። ብታሪኽ ክምዕብል ዝጸንሐ ዝምድናታት ህዝብና ክንበትኮ ኣይንኽእልን ኢና። ዓለም ኣብ ዝበጽሐት ትብጻሕ፣ ቁጠባ ኣብ ዝማዕበለ ይማዕብል፣ ካብ ብስኒት ብሓባር ምንባር ኣበይ ኬድና ክንነብር ንኽእል? እዚ ጉርብትና እዚ፣ ከምዚ ገዛ ተኻሪኻ ጸኒሕካ ምስ ሓደ ጐረቤት ጽባሕ፣ እንተዘይተሳነኻ ወጺእካ ናብ ካልእ ትኸደሉ ኣይኮነን። ነቲ ዝጸንከረ እዋን'ኳ ብሓደ ዝሓለፍናዮ።"*

ብዝብል ናብ ልቢ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝሰርብ መልእኽቲ ዜለዎን፣ ነቲ ርጉእን ዘይቅየርን መርገጺን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጉርብትና ክልተኦም ህዝቢታት እዩ ኣመጻርዩ መሊስዎ።

ህዝባዊ ግንባር ብቕኑዕን ናይ ሓባር ረብሓን ክሰርሕ ከሎ፣ ኣመለኻኽታ ወያነ ካብ ትርጉም ኣልቦ ጨለነትን ናይ በለጽ ዝምድናን ዝረሓቐ ኣይነበረን። እቲ ብውሽጡ ጥዕና ዘይብሉ ዝምድና ከኣ፣ ተሓኪሙ ዘይሓውይ ሕቡእ ቍስሊ እዩ ነይሩ። ባጤራ ናቕፋ ኣብ ምውጽኡ ዝነበረ ምሕቛን ከብዲ ናይ ቀረባ ዝኽሪ እዩ። ህዝባዊ ግንባር ብናጻ መሳኩቲ ባሕሪ ክፈቕድ ከሎ ንሶም ንስሱዕ ቁጠባዊ ፖሊሲ ክኽተሉ ዘይተራእዩ ኣይኮኑን።

ህዝባዊ ግንባር፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢታት ዝነበረ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ኣቐዲሙን ኣበርቲዑን ክሰርሕ ተራእዩ። ወያነ ናብታ ልማድ ቀደሙ ክምለስ ድሕር ኣይበለን። ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ዘየካየዶ ዘመተታት ኣይነበረን። ካብኡ ሓሊፉ'ውን፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢታት ዝካየድ ዝነበረ ንግዳዊ ዝምድና ንመን የርብሕ ኣገላቢጡ ከይሓሰበ፣ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኬውጽእ ተራእዩ። ወያነ፣ ነቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብጺሑ፣ መዋቕር መንግስቲ ዘርኣዮ ህዝባዊ ግንባር ሕጂ'ውን፣ ናይ ቁጠባ ፍልስፍና፣ ዋሕዲ ፍልጠት ስለ ዘለካ፣ ቁጠባዊ ስኣላ ኣዚዘልካ ኣለኹ ኢልዎ። ንወያነ ካብ ስቕ ትዓቢ ፈውሲ ከምዘይብሉ ህ.ግንባር፣ ኣብ ነዊሕ ታሪኹ ተሞኪሩሉ ስለ ዝኾነ ግን፣ ሽዑ'ውን፣ ነቲ ጉዳይ ሃዲኡ እዩ ሒዝዎ። ናብ ህዝቢ ምቅላሕ'ውን ኣይመረጸን- ዜየድሊ ስምዒት ከይፈጥር ብረዚን ዓቕሉ ተዓቂቡ።

ህዝባዊ ግንባር፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢታት ዝነበረ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ኣቐዲሙን ኣበርቲዑን ክሰርሕ ዘኽኣሎ እቲ ኣርሒቑ ዝጥምቶ፣ ክንዮ ሎሚ ዝኸይድ ቅኑዕ ዝምድና ኢዩ። መጻኢ ወለዶታት፣ ብዝዓበየን ዝሰፍሐን ብዞባዊ ደረጃ ኣብ ምዕባለን ብልጽግናን ከተኵሩ ባይታ ክንጽፍ ጽዒሩ። ነቲ ካብ መንቅሎኡ ዝተመርሓሉ ሓሳባት ክትርጉም ኢዩ ተራእዩ። ብኣንጻሩ ግን ወያነ ካብቲ ዝነበሮ ኣታውን ውጻእን ኣመራርሓ ኣይተናገፈን። ነቲ ዝተበገሰሉ ጸቢብ ዕላማታት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣተግቢረዮን ጨፍሊቐዮምን ምስ በለ፣ ናብ ኤርትራ ኣቕኒዑ። ወያነ ኣውራ ምስ ምውጻእ ባጤራ ናቕፋ ብኹሉ ዝኽእሎ ንቑጠባን ማሕበራዊ ርግኣትን ህዝቢ ኤርትራ ንምድኻም ብእኡ ኣቢልካ'ውን ናብ ካልእ ዕላማታት ዝመርሕ መገዲታት ምፍጣር ሓንጺጹ። ምውጻእ ዘይወግዓዊ ካርታ ህዝቢ ትግራይን ተመሊስካ ነቲ ካርታ ንምኽዋሉ ዝተገብረ ጻዕርታት'ውን መርኣያ ናይቲ ፍሕሶታት ኢዮም። ልዕሊ ኹሉ ኣብ ዶባት ክልቲኣን ሃገራት ግራጭ ንምትካል ተጓይዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራ ዘየካየዶ ዘመተታት ኣይነበረን። ካብኡ ሓሊፉ'ውን፣ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢታት ዝካየድ ዝነበረ ንግዳዊ ዝምድና ንመን የርብሕ ኣገላቢጡ ከይሓሰበ፣ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኬውጽእ ተራእዩ። ወያነ፣ ነቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብጺሑ፣ መዋቕር መንግስቲ ዘርኣዮ ህዝባዊ ግንባር ሕጂ'ውን፣ ናይ ቁጠባ ፍልስፍና፣ ዋሕዲ ፍልጠት ስለ ዘለካ፣ ቁጠባዊ ስኣላ ኣዚዘልካ ኣለኹ ኢልዎ። ንወያነ ካብ ስቕ ትዓቢ ፈውሲ ከምዘይብሉ ህ.ግንባር፣ ኣብ ነዊሕ ታሪኹ ተሞኪሩሉ ስለ ዝኾነ፣ ሽዑ'ውን፣ ነቲ ጉዳይ ሃዲኡ እዩ ሒዝዎ። ናብ ህዝቢ ምቅላሕ'ውን ኣይመረጸን- ዜየድሊ ስምዒት ከይፈጥር! ኣብቲ ረዚን ዓቕሊ ረጊኡ። ባህሩ እዩ - ብዓቕልን ርግኣትን ምርኣይ።

ሰራዊትን ካድራትን ወያኔ ኣብ ዶባት ንዝነብር ዝነበረ ህዝቢታት ኤርትራ፣ ከጋፍዑን ዶብ ሰጊሮም ምምሕዳራት ከፍርሱን ከለዉ፣ በቲ ክቡርን ርጉእን ባህሩ ተደሪኹ ኣብ ክንዲ ናብ ህዝቢ ምውዕዋዕን ናብ ዘየድሊ ስምዒታት

ምፍጣርን ነቲ ሽግር ብእዋኑ ንምፍታሕ ሓያል ጻዕሪ ኣካይዱ። መርኣያ ናይቲ ብዙሕን ዓቃልን ስጉምቲታት ከኣ፣ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወረቂ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብ16 ነሓሰ 1997፣ ከምዚ ዝስዕብ ደብዳቤ ጽሒፉ፣-

*“ ...ሓሓሊፎም፣ ኣብ በበይኑ እዋናት ብዝተፈላለዩ ቀለልቲ ምኽንያታት፣ ምስሕሓባት ክርኣዩ ጸኒሖምዮም። ብዓቕሞም ከኣ፣ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ሓለፍቲ ብሕውነታዊ መገዲ ንምርግጋኦምን ንምፍታሖምን ክፍተን ጸኒሑ። ኣብዚ መወዳእታ እዋን ኣብ ዓዲ ምሩግ ብሰራዊትኩም ብሓይሊ ዝተወስደ ስጉምቲ ግን ብሓቂ ዜጉህይ ኢዩ። ነቲ ጉዳይ ክሳብ ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ምኽንያት ኣይነበሮን። ክሳብ ክንድኡ ኣቓልቦ ዝወስድ ጉዳይ እንተነይሩ፣ ብሕውነታዊ መገዲ ብምርድዳእ ንምፍትሑ ኣምበይመሸገረን። ብስሩ ሃዲእካ ክተሓዝ ይክኣል ኢዩ። እቲ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ምኽኑይ ናብ ዘይኮነ ምስሕሓብ ከየምርሕ ምግትኡ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝተራእየኒ፣ ባዕለኻ ዓቃል ስጉምቲ ክትወስድ እላቦ።”*

ሰብ ዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ። መሬት ከኣ ትሕዝቶኣ ኢያ ትፈርይ። ካብ ሓድሽ ማይ ርባ ሓሬት ከም ትረክብ ርዱእ እዩ። ምስትውዓል፣ ልቦና፣ ነገራት ከሎ ገና ናይ ምጥማትን ናይ ምንባብን ዓቕሚ ከተጥሪ እዩ ዝሕግዘካ። ውሕጅ ከይመጽኣ መገዲ ውሕጅ ምጽራግ ከኣ፣ ነቲ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ የድሕኖ። በዚ ከምዚ ኣረዳድኣ፣ ህዝባዊ ግንባር ነቲ ሽረኽረኽ ዘብልዎ ዝነበሩ ምድፍፋራት፣ ሃዲኡ ክሕዞ ጥራይ እዩ ፈቲኑ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፣ ነቲ ደብዳቤ ከምዚ ክብል እዩ መሊሱሉ።

*“ገለ ሸፋቱ ነቲ ንገብሮ ዝነበርና ናይ ሰላም ጻዕሪ ስለ ዝዘረጉልና፣ ካብቲ ቦታ ኬንልግሶም ምስ ተንቀሳቐስና ኢና ንዓዲ ምሩግ ኣቲና። ጸገም ክፈጥር ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ኣይነበረናን”*

እቲ ናብ ዶብ ጢሒስካ ዝካየድ ዝነበረ ምቅስቓስ ነገር ኣይዓረፈን። ሽዑ'ውን እንተኾነ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ናብ ዜየድሊ ኣንፈት ከየምርሕ ብትዕግስቲ ክሕዞ ፈቲኑ። ደጊሙ፣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ25 ነሓሰ 1997፣ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ደብዳበ ጽሒፉ።

*“ኣብ ዶብ ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ዘሎኒ ሓበሬታ፣ እቲ ኣብ ዓዲ ምሩግ ዝተወስደ ስጉምቲ ናትና ኣባላት ኣብ ዝነበርዎ ከባቢ ኣባላትና ብምስንጋግ፣ ጽፍሒ ምምሕድዳር ብምፍራስዩ ተወሲዱ። ኣብ ከባቢ ባድመ'ውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ተወሲዱ ኣሎ። ከምቲ ዝሓበርኩኻ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ምውሳድ ምኽኑይ ኣይመስለንን። ብኣጋ ንምቁጽጻሩ ኪጥዕም ንሓዋሩ ንምእላዩ ኪጥዕምን ከኣ ቀልጢፎም ተራኺቦም ነቲ ጉዳይ እንተሓዙዎ ዝሓሸ'ዩ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ'ሞ፣ ሓሳብካ ኣካፍለኒ።”*

ዓዲ ምሩግ፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ እትርከብ ዓዲ ኢያ። ብ19 ሓምለ 1997፣ ሓደ ብርጌድ ዝኸውን ሰራዊት ወያነ፣ ንፍሉይ ስርሒት ምውቃዕ እጉጉሙ ኣትዩ። ኣይሰሙን ኣይ ወርሒ፣ ናይ ወረዳ ዳሉል ኣማሓደርቲ ካብ ክልሎም ብምምጻእ፣ ንህዝቢ፣-

*“ ዓዲ ምሩግ መሬት ኢትዮጵያ ኢያ። እቲ ናይ ቀደም ናይ ጣልያን ካርታ ኣይንኣምነሉን ኢና። ብዘይካ ዓዲ ምሩግ፣ ካልእ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኤርትራ ዘሎ ቦታታት በዓል ወዔማ፣ ኢግዶሊ፣ ዕንደሊ ክንመልሶም ኢና።”* ክብሉ መዲሮሙሉ።

እታ እጉጉሙ ናይ ምጥፋእ ስርሒት ኢሎም ናብ ዓዲ ምሩግ ዝኣተውዋ ቀንዲ ዕላማኦም ክገልጹላ ተሰሚያም።

ወተሃደራት ወያነ፣ ኣብ ልዕሊ እቶም ክረዳድኡዎም ዝኸዱ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተኹሲ ብምኽፋት 8 ቀቲሎምን ኣቝሲሎምን። ወያነ፣ መሊሱ ጉዳያት ብምትሕልላኽ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ብስም ቢሮ ህወሓት፣ ፈጻሚ ሽማግለ ኢሂወደግ ጸኒሑ ብስም ነቲ ጉዳይ ጋሻ ዝነበረ ፖርላማ ኢትዮጵያ ኲናት ኣብ ርእሲ ኤርትራ ኣወጀ።

*“ የኢትዮጵያ መከላከያ ሃይል ተፈላጊ የሆነውን እርምጃ ሁሉ እንዲወስድ በዛሬ ቀን ታዝዘዋል”*

*“ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ሎሚ መዓልቲ ኣድላዪ ዝበሃል ስጉምቲ ክወስድ ትእዛዝ ተዋሂቡ ኣሎ”*

እዚ ኣዋጅ እዚ ነትጕ እሳተ ጐመራ ኢዩ ዝመስል። እቲ ሃንደበትነት ግን ነቲ ዓቃልን ርጉእን መንግስትን ህዝቢ ኤርትራ ዝያዳ መልክዕ ውሽጡ ዘኾልሐ እዩ ነይሩ። ከም ቀደሙ፣ ነቲ ማዕበል ሃዲኡ ሰጥ ኬብሎ፣ ጥራይ እዩ ወሲኑ። ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ዜውጽኦ መግለጺ ከኣ፣ ህያው ምስክር ብስለትን ልቦናን ፖለቲካዊ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ኢዩ።

*መግለጺ ካቢነ መንግስቲ ኤርትራ*

*1 ዶባዊ ምስሕሓብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዘይኮነ፣ ብሰላማውውን ሕጋውን ብምእማን ሓይልን ስነ መጐት ሓይልን ይቃወም*

*2 ነዚ መትከል እዚ ብምኽታል፣ ክልቲኦም ወገናት ይብጻሓና እዩ ዝብልዎ መሬት እንተድኣ ኣሎ፣ ንህዝቢታት ክልቲኣን ሃገራት ማሕበረሰብ ዓለምን፣ ካርታን ጂኦ ግራፊያዊ መስመራትን ኣሰንዮም፣ ብንጹር ከቕርቡ*

*3 ክልቲኦም ወገናት ካብ ሕጂ ንንየው ንዝካየዱ ምርድዳኣት፣ ምስክርን ዋሕስን ዝኸውን ሳልሳይ ኣካል ኣብ ዝተረኽበሉ ንምስላጦም ክሰማምዑ*

*4 እቲ ዘሰሓሕብ ዝብሃል ቦታታት ንግዜኡ ካብ ሀላወ ሰራዊት ክልቲኣን ሃገራት ናጻ ክኸውን፣ እቲ ስጉምቲ ድማ ብውሕስነት 3ይ ኣካል ክትግበር*

*14 ግንቦት 1998*

ድሕሪ እዚ ርጉእን ኣላይን መግለጺ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ፣ ካድራት ወያኔ መርኣያ ክንቲት ኣተሓሳስብኦምን ዓቕሞምን ኣግሂዶሞ። ካብኡ ሓሊፎም ከኣ ህዝቢ ንምርስሳን ዕዮ ክፍሊ ወሲዶም። በዚ ወፍሪ ተጸሚዶም ከኣ ካብ ሰዓት ናብ ሰዓት ሰሚናራትን ኣኼባታትን እናኣካየዱ፣ ንሰማዒ'ውን ዘስደምም ብናይ ዘይለባማት ሓረጋት መዲሮም። ልዕሊ ኩሉ ካብ ነብሰ ምትሓት ዝብገስ ስቓይ ውሽጦም ከንጸባርቑ ተሰሚያም። ካብቶም ብዙሓት ናይቲ እዋንቲ እቲ ምልኣት ውሽጦም ዘቃልሑ ካደራት ገብሩ ኣስራት "…. ናይ መራሕቲ ኤርትራ ገምጋም ኣሎ። ሓደ ፍሊት ንሓምሳ ሃመማ፣ ሓንቲ ድሙ ንሓምሳ ኣናጹ ከምኡ ኢታት ዝብል ኣዘራርባ ኣሎ።" ክብል ተሰሚዑ። ሰብ ዓቕሙ እዩ ዝሓስብን ዝሰርሕን። ነዚ መደረ ርእሰ ምቑንጻብ ዝሰምዐ ዘበለ ህዝቢ መስክነይቲ ኢትዮጵያ፣ በዚኦም ኢኺ ትምርሒ ዘለኺ ክብል ግድን ኢዩ። ምኽንያቱ፣ ኣበየናይ ዘበን ብምንታይ ቋንቋ ትሰብኽ ዝባሃል ሕቶ ስለዘሎ።

ኣፍ ግን ምልኣት ልቢ ኢያ ትዛረብ። ነብሰ ምትሓት ዝስምዖ ሰብ፣ ባዕሉ ብዝፈጥሮ ውሽጣዊ ሕማም እዩ ዝሳቐ። ካድራት ወያኔ'ውን ካብዚ ሕማም ዘይርግኣት ውሽጢ ምጽናሖም ዘግህድ ስምዒታት ካብ ምግላጽ ኣይተዓቀቡን። ካልእ ኣባል መሪሕነት ማለሊት ዝኾነ፣ ኣባይ ጸሃየ'ውን፣ ነዚ ዝስዕብ ቃላት ኣስሚዑ ኢዩ።

*" ኤርትራውያን ንነብሶም ሃብታማት ንኢትዮጵያውያን ድማ ረፋዓት ክንከውን እዮም ዝምነዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ድኽነት ክሓልፈሉ ኣይደልዩን። ስለዚ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክሓልፈሉ እንተኾይኑ፣ ነቶም ቁጠባ ኢትዮጵያ ብሒቶም ዘለዉ ኤርትራውያን ከጥፍኦም ኣለዎ"*

ዝመልእኽቱ ኣመሓላሊፉ። ሽዑ'ውን መስክነይቲ ኢትዮጵያ መወዳእታኡ ናብዚኦም ወዲቕኪ ኢሉ- ህዝቢ!

ህዝባዊ ግንባር፣ ረጊኡ ኣብ ጥዑይ ዝምድና ክልቲኡ ህዝቢታት ዝሓስብን ዝሰርሕን ውድብ እዩ። ኣብቲ መሪር መድረኽ'ውን ብዝተፈላለዩ ስርዓታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘስካሕክሕ ግፍዒ ዝፍጸመሉ ዝነበረ እዋን፣ እቲ ርሑቕ ጽባሕ ዝጥምት ለባም ኣተሓሕዛ እዩ ተኸቲሉ። ደርግ፣ ኣብ መሬት ኤርትራ፣ ንኤርትራውያን ሰጕጉ፣ ኢትዮጵያውያን ከስፍር ከሎ፣ ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ሓራ ዝገበሮ መሬት፣ ነቶም ኢትዮጵያውያን፣ ከም ቀደሞም ብሰላም ክነብሩ እዩ ፈቒዱ። ኣብ 1990 ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ምስ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት'ውን ንሓቀኛን ዘይቅየርን ልቦና ህዝባዊ ግንባርን ባህሊ ህዝቢ ኤርትራን ጥራይ እዩ ዘብርሃልና።

*"ከም ዝኾነ ወጻእተኛ ናይ ምውናን መሰሉ ተሓሊዩሉ ክሰርሕ ዝኽእል ናይ ሽቕለት ዓቕሚ ዘለዎ፣ ኣብ ዝተረኽበ ስራሕ ክሰርሕ ዝኽልክሎ የለን። ብደሞዙ ሰሪሑ ክነብር ክኽእል'ውን ዝኽልክሎ የለን። እቶም ኣብኡ ዘለዉ ኢትዮጵያውያን ዝምስክርዎ እዩ። እዚ ምብራህ ዘኽእል ዋላ'ውን እቲ ኣንጻር ህዝባዊ ግንባር ዝካየድ ዘሎ ዘመተ ኣብ ምንታይ ዝተመስረተ ምዃኑ ንርዳእ። እንተዘይኮይኑ፣ ህዝባዊ ግንባር ኣብዚ ጉዳይ እዚ፣ ስኽፍ ዝብሎ ጌጋ ኣይፈጸመን። ኩሉ ክገበሮ ዝኽእል ምትሕግጋዝ እናወፈየ'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ።"*

እዚ ኣረድዳኣን ግንዛበን እዚን ናይ ኩሉ ግዜ ኣመለኻኽታ ህዝባዊ ግንባር ደጊሙ፣ በቲ ዘይቅየርን ዘይገላበጥን ቃል ሓቂ ገሊጽዎ። ወያነ ኣብ ቃሎም ኣይጸንዑን ኢዮም። ኣብ መጀምርያ ናጽነት "ቁስልኹም ኣይትሕኽኹ.." ክብሉ ጸኒሖም ድሕሪ

*“ የኢትዮጵያ መንግስት የኣይናቹ ቀለም ኣላማረም ካለ፣ የጸጥታና ሌላ ጥያቄ ሳይነሳ… ለማባረር ሙሉ መብት ኣለዉ”*

**መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕብሪ ዓይኑ'ኹም ደስ ኣይበለንን እንተድኣ ኢሉ፣ ብዘይ ናይ ጸጥታ ሕቶን ካልእን ከባርር ምሉእ መሰል ኣለዎ። ቃሉ ዓጺፉ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጱያ ክትገልጾ ዝኸብድ በደል፣ ኣብ ልዕሊ ነፍሰ ጾራትን ህጻናትን ኣረጋውያንን ኩሉ ኣሎ ዝበሃል በደላት ፈጺሞም። ተገልቢጦም ከኣ፣ ውሑጥዮ ተበልክዋ… ኮይኑ ነገሩ፣ “ዝቐተልናዮ ሰብ ኣሎ? ካብ ሕጊ ወጺና ዝፈጸምናዮ ነገር ኣሎ? ፍጹም ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። እዚ መንግስቲ ናይ ቀተልቲ መንግስቲ ኣይኮነን” ኢሎም። ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ ተፈጺሙ። ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ግን ብርግኣት ካብ ዓጸፋ መልሰ ተግባር ርሒቑ ክንዮ ደረት ኣማዕድዩ። ወያነ፣ ዝገበረ እንተገበረ ኣመለኻኽታ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ጐረቤት ህዝቢ ኢትዮጵያ መግለጺ ኣውጺኡ። እቲ ኣብ መበል 11 ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ዝወጸ መግለጺ ከኣ፣ “ብኣንጻር ናይዚ ኢትዮጵያ ዝወሰደቶ ጸረ ሰብኣዊ ፖሊሲ፣ መንግስቲ ኤርትራ፣ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ዝኾነ ናይ ተጻብኦ ስጉምቲ ከም ዘይወስድ፣ ብሰላም ናይ ምንባርን ምስራሕን መሰሎም ከም ዝሕሉ፣ እዚ መሰል እዚ፣ ብዝኾነ ኣገባብ ወይ ኣካል ምስ ዝጡሓስ ድማ ጥርዓን ኬቕርቡ መሰሎም ከረጋግጹ ከም ዝኽእሉ፣ እዚ ኪኖዚ ሎሚ ዘሎ ግጭት ጽባሕ ከም ዘሎ ዝግንዘብ ፖሊሲ'ዚ፣ እቲ ግጭት እንተኸፍአ'ውን ዘይቅየር ምኻኑ ሃገራዊ ባይቶ ኣረጋጊጹ።**

**ርግኣት ካብ ብስለት እዩ ዝምንጩ። እቲ ንቕሓት ከኣ ንሓሳባት፣ ተግባራትን ውሳኔን ብሕጂ ብጽባሕን ይጸልዎ። ዓቃልን ርጉእን መርሓ ሓሳብ፣ ኣብ ሰንደልደል ኣይረግጽን እዩ። መገዲ ሰንኰፍ ኣይረግጽን እዩ። ብኻ ዘየብልን ዘየጣዕስን ውሳነ እዩ ዝወስድ። ህዝባዊ ግንባር፣ ካብ መንቅሎኡ በዚ ሰረት ንቕሓት ክቡር ሓሳብ ስለ ዝተገዝአን ዝተመርሓን፣ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ፣ እናኸበደን እናደመቐን ክጉዓዝ ኣኽኢልዎ እዩ።**

**ይቕጽል**